# ንዅሉ መመንገዱ ኣለዎ

ብኣወልዀር ዓ/ሓፊዝ

1. ብንዅሉ ምክልኻልካ ኣቢልካ እንተላይ ንወገንካ ትካላኸል ምህላውካ ኑጹር መንገዲ ኢዩ።

2. ንዝተወጽዑ  ንዝተበደሉ (ዘይወገኑ) ዝከላኸል ከኣ ብዘየጣራጥር መንገዲ ንወገኑ'ውን ክከላኸል ምኻኑ ርግጽ ኢዩ።

3. ንወገንካ (ንመስመርካ) እናተኸላኸልካ ብናይ ካለኦት ወገናት ወጽዓ ዘይምግዳስ ካኣ ወገንነት ኣብ ርእሲ ምኻኑ ንኽትውጽዕ ተራኻ ትጽበ ዘለኻ ኢዩ ዘምስል። እዚ'ውን መንገዲ ኢዩ።

## ነቲ ቀዳማይ መንገዲ ብዝምልከት

ኣብ ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ወይ ማሕበር ምስቲ ኩሉ ኣብ ውሽጡ ክህሉ ዝኽእል ናይ ኣተሓሳስባ ናይ እምነት ናይ ባህሊ ናይ ፍልጠት ናይ ተመክሮ ፍልልያት ብናይ ሓባር ጠቕሚ ዝግደስ ገስጋሲ ኣታሓሳስባ እናኣማዕበልካን ናብ ዝሓሸ ዲሞክራሲያውን ፍትሓውን ረብሓ ህዝቢ ንምርግጋጽ እተካይዶ ናይ ሓባር ቃልሲ ኢዩ። ንናይ ኩሉ ረብሓ ብምርግጋጽ ከኣ ዝህሰ ሽነኽ ከምዘይህሉ ምግባር ኢዩ።

እዚ ሃዋሁው እዚ፡ እዚ ኣቀላልሳ እዚ፡ ህያው ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዝዕወተሉ ግዜ ናይ ፍልይ ኢልካ መሰልካ ምሕታት ተርእዮታት የለን። ስለዚ ናይ ፍልይ ኢልካ መሰልካ ምሕታት ተርእዮ ክርኤ እንከሎ ዝኾነ ተሓላቒ ናይ ዲሞክራሲ (ፍትሒ) ክጸዋወግን ክጽየንን ዘይኮንስ ናይቲ ዘጸይኖ ዘሎ ቁስሊ ጠንቂ ኣብ ምርዳእን ተረዲእካ ኣብ ምፍዋስን ክጓየ ኢዩ ዝግባእ። ብዝተረፈ ግደፍዶ ፍትሒ መሬት ፍትሒ ሰማይ'ውን ኣብ ግዜ ጸበባ ንሓራም ሓላል ይገብሮ ኢዩ።

## ነቲ ካልኣይ መንገዲ ብዝምልከት

እዚ መንገዲ'ዚ ኣዚዩ ዝነኣድ ገለ ናይ መሕበራ'ውን ሰነ-ኣእሙራውን ልቃውንቲ ስነ-ሓሳባዊ ቅርጺ ዘትሓዝዎ (ብካብ መዓሙቕ ልብኻ ዝምንጩ ምርዳእ) ብዝብል ስያመ ዝፍለጥ ኢዩ።

እዚ ስነ-ሓሳብ እዚ ንናይ ካልኦት (ዘይወገንካ) ጸገም፡ በደል፡ ምዝመዛ፡ ወጽዓ ተሰሚዑካ ክሳብ ክትከላኸለሎም ምኽኣል ማለት ኢዩ። እዚ ኣጋባብ እዚ እቲ ዝተኸላኸልካሉ ጸገሙ ዝፈለጥካሉ ምድንጋጽካ ዘርኣኻዮ ሽነኽ ምሳኻ ናይ ሓባር ተረድኦ ኣብ ምፍጣር ክበጽሕ ስለዝገብር ንምፍልላይን ምግርጫውን ገጽ ስለዘይህብ ብዅሉ እንትንኡ ምሩጽ ኢዩ።

እዚ መንገዲ'ዚ ኣብቲ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፍሊፖ) ኣብ ናይ ኩናማን ካልኦት ብሄራትን ብፍላይ ከኣ ኣብ ጉዳይ ጀበርቲ ዘርኣይዎ ዓሚቕ ልባዊ ምርዳእን ምክልኻልን ብቡርህ ተራእዩ ኢዩ። እዚ መንገዲ'ዚ ኣብ ፖሎቲካዊ ባህልናን ስነ-ጽሑፋዊ ኣንደበትናን ክዝውተር ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ንኣብነት፡ ኣቶ ግርማይ ደጋጊሞም ዘእወይሉ መበራብሪ ደወል ዝሃረምሉ፡ ዓገገገገገብ ዝበሉሉ፡ ናይ ብዙሓት ኤርትራዊ ረብሓ ዘይተራእዮም ውልቀ-ሰባት ብስሞም ዝጽዋዕ ኀደናታት ክሳብ ሕጂ ኣብ ቦትኡ እንከሎ፡ ከምኡ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈልጦ ጓና ሓወልቲ ክትከለሉ



Create PDF files without this message by purchasing novaPDF printer (http://www.novapdf.com)

እንክሎ፡ ናይቶም ፍትሓዊ መራሒ (ምስለኔ) ኣቦና ፊተውራሪ ዓሊ በኺት ሓቋፊ ህዝቦም ብህዝቢ ኣስላምን ክርስትያንን ዝተፈትዉን ዝተመረቑን ንዝተፈላለየ ባህልን ሃይማኖትን ንዘለዎ ህዝቢ ዝመርሕ ባእታ ክህልዎ ዘለዎ ባህርን ስልቲ ኣመራርሓን ከመይ ምዃኑ ብዓለም ለኸ ደረጃ ከም ኣብነት ክነብሩ ዝግባእ ኣቦ፡ ኣብ ዓለምና ብዙሓት መራሕቲ ብናይ ካልኦት ሰብ እምነት መሰል ምግፋፍ ክኸሰሱ፡ ካብዚ ሓሊፉ ኸኣ ገሊኦም ብናይ ካልኦት እምነት መሰል ብምሕላው ክምስገኑ እቶም ብናይ ካልኦት እምነት መሰል ምሕላው ዝተኸሱ እንኮ ባእታ ኣብ ዓለም ኣቦና ፊተውራሪ ዓሊ በኺት ከይኮኑ ኣይተርፉን! እቲ ኾይኑ እዚ፡ እዞም ኣርኣያ ሓድነት፡ ሓድሽ ወለዶ ኤርትራ ታሪኾም ክፈልጦን ከመሃሮን ዝግባእ ሰብ። ከምኡ ኸኣ ካብ ቀዳሞት መምህራን ሃገርነት፡ መንግስቲ እንግሊዝ "በዓል ደጊያት ሓሰን ዝመርሑዎ ፓርቲ ኢድካ ኣእቲኻ ንምምቕቓሉ ጸገም ኢዩ" ኢሎም ዝገምገምዎም ተሪር ሃገራዊ በዓል ጓል ዝናር ንሃገሮም ስለ ዘይሸጡ ብደርፊ ዝዘለፈኦም፡ ኣብ ምፍታሕ ግርጭታት ካለኦት ኣህዛብ ዓለም ግደ ዘበርከቱ ኣብ ኣህጉራዊ ተልእኾ ተሰላሚ ወርቂ ደጊያት ሓሰን ዓሊ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ከይተደፍረ ኣብ ቦትኡ ዝጸነሐ ብሽም እዞም ክልተ ዓበይቲ ሃገር ዝጽዋዕ ጎደናታት ሕጂ ምምሓው ስለምንታይ ዘብል ኢዩ።፡ ሕጅ'ውን ስለምንታይ! ንኣውያት ኣቶ ግርማይ ተቐቢሉ፡ ኣውያት ዘመሓላልፍ ካልእ መእወዪ ዘይተሰምዔ! ኣበይ ኣለኹም ተሓለቕቲ ፍትሒ?

## ነቲ ሳልሳይ መንገዲ ብዝምልከት

እዚ መንገዲ'ዚ ኣዝዩ ሓደገኛ መንገዲ ኢዩ። ዋናታቱ ዝበዝሕ ግዜ እንዳረኣዩ ከምዘይረኣዩ፡ እንዳሰምዑ ከምዘይሰምዑ ናይ ምኳን ተግባር ይራኣዮም ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝፍጸም በደልን ግፍዕን ክሳብ ኩሉ ዝዛረበሉን ቁሉዕን ጉዳይ ዘይኮነን እንታይ ገደሰና በሃልቲ ኢዮም። ናይ ተበግሶ ምውሳድ ጠባይ የብሎሙን። ንዘለዎኦም 99 ኣሓ 100 ንኽኾናሎም ንበዓል ሓደ ብዕራይ ሕድገት ክገብረሎም ክልግሰሎም ዝሓቱ ኢዮም። እዚኦም ንመሬት ተዘሪኦማ ክትርእይ እንክለኻ ብዘይካ ምልኪ ካልእ ኣይትጸበ። ጁሩይ ማይ ክትሰቲ ኢልካ ኸኣ ኣይትሕሰብ። እዚ መንገዲ ተኸተልቱ ብናይ ግሊ ጠቕሚ ዝዝወሩ ኣብ የማን ኣለዉ እናበልካዮም ኣብ ጸጋም፡ ኣብ ጸጋም ኣለዉ እናበልካዮም ኣብ የማን ዝራኣዩ። ኣብ ምፍጣር ስርዓት ምልኪ ቀዳሞት ዝስርዑ ኣብ ግዜ ምውዳቑ ዓው ኢሎም ዝራገሙ፡ ኣብ ርእሲ ብኻለኦት ዝተላዕለ ማዕበል ተሰቂሎም ቀዳሞት ኣበሰርቲ ዓወት ክኾኑ ዝደልዩ ጭውው ዝበሉ ተበለጽቲ እዮም። ናይዚኦም ጉድ ቡዙሕ ስለዝኾነ ኣብ ዘመነ-ምልኪ ስምብራት ኢዶም ኣብ ፈቐድኡ ስለዝርከብ ኣብቲ ኣብ ምቅርራቡ ዘለኹ "መደያይቦ ምልኪ" ዝብል ሓተታታት ሓዘል መጽሓፍ ብዙሕ ክንዛረበሎም ኢና።

ብዝተረፈ ክሳብ ደቂ ሰብ ብኹሉ መዔቀኒታት ሓደ ምዃኖም ካብ ማዓሙቕ ልብኻ ዘይኣመንካ፡ ክሳብ ብሃሰያ ወጽዓ ናይ ካለኦት ዘየእወኻ፡ ክሳብ ክንዲ ጣፍ ትኸውን ናይ ሓለፋ ስምዒት ዘላትካ። ክሳብ ንእንስሳ'ውን ብዘይምኽንያት ምህሳይ ዓቢ ገበን ምዃኑ ካብ መዓሙቕካ ዘይኣመንካ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ዲሞክራስን ፍትሕን ክህሉ ዝኽእል ጋግ ሑጻ ሳሓራ ኣኪብካ ዘይምድመድ (ዘይዕበስ) ኢዩ።

ኣወልኼር ዓብዱልሓፊዝ
ስዑዲ ዓረብያ



Create PDF files without this message by purchasing novaPDF printer (http://www.novapdf.com)